ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ

الحزب الديمقراطي الإرتري

# Eritrean Democratic Party (EDP)

ህዝባዊ ናዕቢ ወሲኑ እንተተላዒሉ ዝዓግቶ ሓይሊ ከምዘይብሉ፡ ህዝባዊ ምልዕዓል ቱኒዝያ ዘመዝገቦ ዓወት ዓቢ ምስክር እዩ።

ምልካዊ ስርዓት ቱኒዝያ ብ ፕረዚደንት ዛይን ኤል ኣብዲነ ቤን ዓሊ ዝምራሕ ዝነበረ፡ ን 23 ዓመታት ኣብ ስልጣን ድሕሪ ምጽናሕ ሕጂስ ይኣክል ምልካዊ ስርዓት ኢሉ ብዝተላዕለ ህዝባዊ ማዕበል ነበረያ ነበረ ኮይኑ ኣሎ።
ፕረሲደንት ቢን ዓሊ ነቲ ክጅምር ከሎ ኪዶቕሶ ኢሉ ዝፈተነ ህዝባዊ ማዕበል፡ በንጻሩ እቲ ተቓውሞ ህዝቢ ናህሩ ብምውሳኽ ነቲ ስርዓት ከም ሃልሃልታ ሓዊ ክልብልቦ ምስጀመረ ቤተ ሰቡ ሒዙ ናብ ስዑዲ ካብ ምህዳም ካልእ ኣማራጺ ስለዘይነበሮ ነታ ከምድላዩ ዝገብራ ዝነበረ ሃገሩ ራሕሪሑ ኣብ ስዑዲ ተዓቚቡ ይርከብ ኣሎ።

እዚ ፍጻሜ እዚ ኣብ ኣፍሪቃ ዘጋጠመ ብምኳኑ ንካልኦት ብምልካውያን ዝማስኑ ዘለዉ ህዝብታት ናይ ቀረባ ኣብነት ብምኳን ኣብዩ ጽልዋ ከምዘሕድር ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብፍላይ ግን ንህዝቢ ኤርትራ ዓብዩ መሃሪ ኣብነትን ተሞክሩ ከምዝኾነና ዘተሓትት ኣይመስለናን።

እዚ ብሰላማዊ ኣጋባብ ብወሒድ መስዋእቲ ነቲ ን23 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ሙሉእ ቁጽጽሩ የእትዩ ይመርሕ ንዝነበረ ስርዓት ናይ ቱኒዝያ  ዘልገሰ ህዝባዊ ምልዕዓል፡  ህዝቢ ቱኒዝያ፡ ብፍላይ ነቲ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ካብ ቀዳማይ ጉባኤኡ ጀሚሩ ዝወሰዶ ኣጋባብ ቃልሲ ትኽክለኛን ቅኑዕን ክትግበር ከምዝኽእልን (ኩለን እተን ኣገደስቲ ረቛሒታት እንተ ተማልኤን) ዘረጋገጸ ግብሪ እዩ።

ስለዚ ሕጂ`ውን ክንብል በለ እምበር ኣይተኻእወን ከምዝበሃል፡ ነተን ኣገደሲ ረቓሒታት ማለት፡

- ኣብ ቅንዕና ዝተመስረተ ሓጺናዊ ሓድነት ተቛውሞ
- ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ኣጋባብ ቃልሲ (ሰላማዊ ቃልሲ)
- ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ጭርሖ (ትግባረ ቅዋም)
- ካብ ተጽዕኖ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ናጻ ዝኾነ ኤርትራዊ ፖለቲካ ብምክያድን
- ርእሰ ምትእምማን ዘለዎን ኣብ ግሉጽነትን ተሓታትነትን ዝኣምን መሪሕነት፡

ብምምላእ ዝግበር ሰላማዊ ቃልሲ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ካብዚ ኣብ ቱኒዝያ ዝተረኽበ ውጽኢት ፈጺሙ ኣይክፍለይን እዩ። ዕጫ ኣባላት ስርዓት ህግደፍ`ውን ካብ ዕጫ ብዓል ቤን ዓሊን ኣይክፍለይን እዩ።
ከምኡ`ውን ሰላማዊ ቃልሲ ከምቲ ብዙሓት ደገፍቲ ጎነጻዊ ቃልሲ ዝርድኦም፡ ኣብ ቤተክርስትያን/መስጊድ ኬድካ እዚ ምልካዊ ስርዓት ከልግሰልካ ጸሎት ምግባር ዘይኮነ ብንጥፈት ቃልስኻ ተካይደሉ ኣጋባብ ከምዝኾነን መስዋእቲ`ውን ከምዝጠልብ ካብዚ ናይ ቱኒዝያዊ ህዝባዊ ምልዕዓል ኪትግንዘቦ ይከኣል ኢዩ፡ እዚ ነቲ ኤርትራዊ ቃልስና ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ መሃሪ ኢዩ ንብል።

ጎነጻዊ ቃልሲ ግን በንጻሩ ብርሰትን ዓቐን ዘይብሉ ምቅትታልን ኣሕዋትን ምዝንባልን ጥሜትን ስደትን ዘስዕብን ንሕነ ምፍዳይ በሪ ዝኸፍትን መወዳእታ ዘይብሉ ዓዘቕቲ ጥፍኣትን ኢዩ።
ሓደ ወድ ሰብ ናይ ካልእ ሰብ ሂይወት ከጥፍእ ሞራላዊ ይኹን ሕጋዊ መሰል ስለዘይብሉ፡ ነቲ ስርዓት ዝፍጽሞ ዘሎ እከይ ግብሪ እንዳተቓወምካ ባዕልኻ ግን ክተተግብሮ ምድላይ ብዘይ መጠን ዝተጋራጨወ እዩ። ካብኡ`ውን ብጎነጽ ንዝነበረ ምልካዊ ስርዓት ዘልገሱ ምልካዊ እምበር ቁዋማዊ ስርዓት ኪተኽሉ ኣይተረኣዩን፡ ማለት ንስልጣን ብብረት ዝጨበጠ ብብረት ጥራይ ኢዩ ዘልግስ።

ብህዝባዊ ምልዕዓል ዘልገሱ ምልካውያን ስርዓታት ግን ብቁዋማዊ ስርዓታት ክትክኡ ብዙሓት ኣብነታት ርኢና ኢና።

ክፍሊ ዜናን ሓበረታን
2011.01.15